Tigrinya - Agape - God's Love Letter Scriptures

ወንጌል ዮሐንስ 15:9 ከምቲ ኣቦ ኣፍቂሩኒ ዘሎ፡ ኣነውን ከምኡ ኣፍቂረኩም ኣሎኹ፡ ኣብ ፍቕረይ ጽንዑ።

ኢሳይያስ 43:1,2 - ኤፌሶን 2:10 ፍጡራቱ ኢና እሞ፡ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።

ኤርምያስ 1:5 - ገላትያ 1:15 እቲ ኻብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ ዝፈለየኒ ብጸጋኡውን ዝጸውዓኒ ኣምላኽ ግና

ወንጌል ዮሐንስ 15:16 ኣነ ሐሬኹኹም እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይሐሬኹምንን። ክትከዱን ፍረ ኽትፈርዩን ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም።

3 ዮሐንስ 1:2 ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡ ብኹሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ።

ኢሳይያስ 43:4 - 1 ጴጥሮስ 2:9,10 ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃን ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ መንግስቲ ኽህነት፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ኢኹም። 10 ንስኻትኩም ቀደም ህዝቢ ዘይነበርኩም፡ ሕጂ ግና ህዝቢ ኣምላኽ ኢኹም፡ ዘይተመሐርኩም ዝነበርኩም፡ ሕጂ ምሑራት ኢኹም።

ኤርምያስ 31:3 - ኤፌሶን 1:4 ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዜብሎምን ምእንቲ ኽንከውን፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ብእኡ ዝሐረየና፡

2 ጢሞቴዎስ 1:9 ኣምላኽ ብፍቓድ ርእሱን በቲ ብክርስቶስ የሱስ ቅድሚ ዘመናት ዓለም እተዋህበና ጸጋን ኣድሐነና ብቕዱስ ጽውዓውን ጸውዓና እምበር፡ ብግብርና ኣይኮነን።

ወንጌል ዮሐንስ 3:16 ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።

ሆሴእ 11:8; ኢሳይያስ 49:15,16; & ኢሳይያስ 41:13,14

ወንጌል ሉቃስ 12:32 ኣታ ሒደት መጓሰ፡ እታ መንግስቲ ኺህበኩም ፍቓድ ኣቦኹም እዩ እሞ፡ ኣይትፍራህ።

ወንጌል ማቴዎስ 28:19/20 ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን

መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።

ወንጌል ዮሐንስ 14:1 ልብኹም ኣይሸበር። ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ።

መዝሙር 23:1 - ወንጌል ዮሐንስ 10:11 እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፋ።

መዝሙር 23:2 - ራእይ ዮሐንስ 7:16/17 እቲ ኣብ ማእከል ዝፋን ዘሎ ገንሸል ስለ ዚጓስዮም፡ ናብ ዔላታት ማይ ህይወት ከኣ ስለ ዚመርሖም፡ ኣምላኽውን ካብ ኣዒንቶም ንብዓት ዘበለ ኺደርዘሎም እዩ እሞ፡ ደጊምሲ ኣይኪጠምዩን ኣይኪጸምኡን እዮም፡ ጸሓይን ሃሩርን ድማ ከቶ ኣይኪረኽቦምን እዩ፡ በለኒ።

መዝሙር 23:3,4 - ወንጌል ሉቃስ 1:78/79 ነእጋርና ናብ መገዲ ሰላም ኬቕንዕ፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ኣብ ድነ ሞት ተቐሚጦም ዘለዉ ኼብርህ፡ ስለ ርሕሩሕ ምሕረት ኣምላኽና፡ ብእኡ ኻብ ላዕሊ በርቂ ጸሓይ ኪበጽሓና እዩ።

መዝሙር 23:5,6 - 2 ቆሮንቶስ 1:10 ንሱ ኻብ ክንድዚ ዚኣክል ሞት ኣድሒኑና የድሕነና ድማ ኣሎ፡ ንዳሕራዩውን ከም ዜድሕነና፡ ብእኡ ተስፋ ንገብር ኣሎና።

ፊልጵስዩስ 4:7 እቲ ኻብ ኩሉ ኣእምሮ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ ኪሕልዎ እዩ።

ምሳሌ 3:24 & መዝሙር 4:8 - ወንጌል ዮሐንስ 14:27 ሰላም እሓድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን።

መዝሙር 33:18 - 1 ጴጥሮስ 3:10-12 ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ናብ ጻድቃን እየን ዚርእያ፡ ኣእዛኑውን ናብ ጸሎቶም እየን፡ ገጽ እግዚኣብሄር ግና ነቶም ገበርቲ እከይ ይጻረሮም እዩ እሞ፡ እቲ ህይወት ኪፈቱ ጽቡቕት መዓልትታት ከኣ ኪርኢ ዚደሊ፡ ልሳኑ ኻብ ክፉእ፡ ከናፍሩውን ተንኪል ከይዛረባ ይኽልክል። ካብ እከይ ይዝበል ሰናይ ከኣ ይግበር፡ ንሰላም ይድለያ ይስዐባውን።

ሮሜ 5:2 ብእኡ ኸኣ ናብዚ ዘሎናዮ ጸጋ ብእምነት ምእታው ዝረኸብና፡ ብተስፋ ኽብሪ ኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና።

ኢሳይያስ 55:12 - ወንጌል ሉቃስ 19:40 ንሱ ኸኣ፡ እዚኣቶም እኳ ሰቕ እንተ በሉ፡ እዞም ኣእማን ኪጭድሩ እዮም፡ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ

መለሰሎም።
ወንጌል ዮሐንስ 16:22 እምብኣርከ ንስኻትኩኩምውን ሎሚ ጓሂ ኣሎኩም፡ ግናኸ ከም ብሓድሽ ክርእየኩም እየ፡ ልብኹምውን ኪሕጐስ እዩ። ሓጐስኩም ድማ ካባኹም ዚወስዶ የልቦን።
ወንጌል ሉቃስ 12:9 እቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዚኽሕደኒ ግና ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ኪከሐድ እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።
ወንጌል ማቴዎስ 10:30 ጸጕሪ ርእስኹም ኩሉን እኳ ቍጹራት እየን።
ኢሳይያስ 54:10 - ወንጌል ማቴዎስ 24:35 ሰማይን ምድርን ኪሐልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሐልፍን እዩ።
ወንጌል ማቴዎስ 11:28-30 ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። 29/30 ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኩሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሀሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኺም።
መኃልየ መኃልይ 2:10 & ሆሴእ 2:14,19,20
2 ቆሮንቶስ 11:2 ብቕንኢ ኣምላኽ እቕንኣልኩም እየ እሞ፡ ንጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ክቕርበኩም፡ ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጽየኩም እየ።
ዘጸአት 3:14 - ዕብራውያን 13:8 የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለም ንሱ እዩ።
ሆሴእ 13:4 - ግብረ ሐዋርያት 4:12 ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።
ወንጌል ዮሐንስ 15:14 ንስኻትኩም እዚ ዝኣዘዝኩኹም ዘበለ ኹሉ እንተ ገበርኩም፡ ኣዕሩኸይ ኢኹም።
ወንጌል ዮሐንስ 14:6 የሱስ ከኣ፡ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።
ራእይ ዮሐንስ 3:20 እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኸኣ ክድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ።